ሓመድ ድበ

ታሪኽ ከድገም ታሪኽ ሓመድ ድበ

መዓልቱ ኣኺሉ እቲ ዝተመደበ

መበል 24 ዓመት መዓልቲ ናጽነት

ኣብየት ጽንዓት ኣብየት ክብረት

እቲ ኣዳራሽ ኣብ ቤተ እስራኤል

ልዕሊ 5000 መንእሰይ ኢሎሞ ዕስል

ባውዛ ኣዳራሽ ደሚቁ ግርም

መቓልሕ ኣሰር ባንድ ኣናወጸ ንዓለም

ምስ ዓመረት ጽምብላሊዕ ከዳኒቶ

ቅስሞም ተሰብረት በዓል ከንቶ መንቶ

ሕጂ ዶ ይሓይሽ በይንኻ ፍልም ፍልም

ቀደሙ ምስ ወያነ ዶ ይሕለም

ኣብ እስራኤል ዝነበረ ፈይስ ቡክ ክትመስክር

ፍጹም ኣይወሰነትን ኢልዋ ድንግርግር

ብሓንሳብ ኮይኑዋ በዓልና በዓል ናጽነት

ምስ ሓመድ ድበ ናይ ስነ ኣእምሮ ኩናት

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ኽብርን ንስዉኣትና

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ